# ሳሙኤል እቲ ንኡስ ኣገልጋሊ ኣምላኽ



ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- Janie Forest
Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ Lyn Doerksen


ተርጋሚ፡- ተስፈኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ

ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org

©2025 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣



ሃና ሕያወይቲ ሰበይቲ እያ ነይራ፣ ሰብኣያ ኤልቃና ድማ ሕያዋይ ሰብኣይ ኢዩ ነይሩ፡ ክልቲኦም ንኣምላኽ የምልኹ ንኻልኦት ሰባት ከኣ ለውሃት ዝነበሮም ኢዮም፡ ካብ ህይወት ሃና ግን ገለ ዝገደለ ነገር ነይሩ፡ ውላድ ትደሊ ነበረት፡ ከመይ ዝበለ ሕጻን ኰን እያ እትደሊ ነይራ! ብዙሕ ግዜ ድማ ብጸሎት ተጸብያ፡ ደጋጊም ውን ተጽብያ ኢያ እንተኾነ ግን ዋላ ሓደ ሕጻን ኣይወለደን!




ሃና ዓመታዊ ኩሉ ግዜ ናብ ቤት
መቅደስ እንዳከደት ን ኣምላኽ
ተምልኾ ነበረት፡ ሓደ እዋን ግን ወዲ
እንተወለድኹ ነዚ ውሉድ ንዘለኣለም
ባርያ ኣምላኽ ክኸውን
ንኣምላኽ ከም እትውፍዮ
ተመባጽዐት ።
3


እቲ ኻህን ዝነበረ ኤሊ ሃና
ክትጽሊ እንከላ ረኣየ። ሃና
ኸናፍራ ስለ ዚንቀሳቐስ
ድምጺ ግን ስለ ዘየስምዐት
ብወይኒ ዝሰኸረት ኰይና
ተሰምዐቶ፡ ንሃና ድማ ገሰጻ!
4


ሃና ግና ንኤሊ ብዛዕባ እቲ
ንቼልዓ ዝጸለየቶ ጸሎትን
ብዛዕባ እቲ ንኣምላኽ
ዝኣተወቶ መብጽዓን ነገረቶ።
ኤሊ ድማ "ብሰላም ኪዲ፡
ኣምላኽ እስራኤል ድማ ነቲ
ዝለመንካዮ ልማኖኺ
ይሃብኪ በላ። ኤሊ እተዛረቦ
ቓላት ንሃና ተስፋ ሂብዋ።
5


ነዊሕ ከይጸንሐት ልቢ ሃና ብሓጎስ መልአ "እግዚኣብሄር ዘከራ" መልሲ
ጸሎት ድማ ተዋህባ፡ ንሳን ኤልቃናን ድማ ወዲ ወለዱ ስሙ ድማ ሳሙኤል
በልዎ(ትርጉሙ ድማ "ብ ኣምላኽ ተሰሚዐ" ማለት እዩ)እንተኾነ ግን ሃና ነቲ
ን እግዚኣብሔር ዝኣተወትሉ መብጽዓን ትዝክሮ ዶ ?
6


ነዊሕ ከይጸንሐት ልቢ ሃና ብሓጎስ መልአ "እግዚኣብሄር ዘከራ" መልሲ
ጸሎት ድማ ተዋህባ፡ ንሳን ኤልቃናን ድማ ወዲ ወለዱ ስሙ ድማ ሳሙኤል
በልዎ(ትርጉሙ ድማ "ብ ኣምላኽ ተሰሚዐ" ማለት እዩ)እንተኾነ ግን ሃና ነቲ
ን እግዚኣብሔር ዝኣተወትሉ መብጽዓን ትዝክሮ ዶ ?
7



ሃና ዓመታዊ ናብ ቤት መቅደስ
ኣምላኽ ምኻድ ኣቋረጸቶ
ነበረት። ኦ!እዚ ማለት ነቲ
ንኣምላኽ ዝኣተወትሉ መብጽዓ
ጠሊማቶ ማለት ድዩ ?
ኣይፋሉን ፣ ሃና ሳሙኤል ክሳዕ
ዝዓቢን፡ ምስ ዓበየ ድማ ኣብ
ቤት መቅደስ ምስ ካህን ኤሊ
ከገልግል ትጽበ ነበረት።
8

ን ኤሊ ኣብቲ ቤት መቅደስ ሳሙኤል ጥራይ ኣይኰነን ሓጋዚኡ ነይሩ፡ ኦፍናን ፊንሃስን ዚበሃሉ ደቂ ኤሊ እውን ኣብኡ የገልግሉ ነበሩ። እንተኾነ ግን እኪይ ብምግባር ንኣምላኽ ኣየኽብርዎን ነይሮም፡ ልመና ኣቦኦም ኤሊ ውን ካብ ክፍኣቶም ኣይመለሶምን፡ እንተኾነ ግን ኤሊ ካብቲ ኣገልግሎት ቤት መቅደስ ክሰጓም ይግባእ ነይሩ፡ ንሱ ግን ከምኡ ኣይገበረን።



9

ሓደ ለይቲ ሳሙኤል ድምጺ ኺጽውዖ ኸሎ ሰምዐ። እቲ ቈልዓ ሳሙኤል ድማ ኤሊ ዝጽውዖ ዘሎ መሲልዎ ። "እንሆ ኣለኹ" በለ። ኤሊ ድማ "ኣይጸዋዕኩን" ኢሉ መለሰ። እዚ ነገር ሰለስተ ግዜ ምስ ኣጋጠመ ። ድሕሪኡ ኣምላኽ ንሳሙኤል ኪዛረቦ ኸም ዚደሊ ኤሊ ፈለጠ። ኤሊ ንሳሙኤል "እንተ ድኣ ጸዊዑካ 'ጊልያኻ ይሰምዖ እዩ እሞ ኦ እግዚኣብሔር ተዛረብ በል በሎ። ኣምላኽ ድማ ከም ብሓድሽ ን ሳሙኤል ጸዊዖ፡ ኣዝዩ ኣገዳሲ መልእኽቲ ድማ ሃቦ ።



10

ንግሆ ኤሊ ንሳሙኤል ጸውዖ"እቲ እግዚኣብሄር ዝበለካ እንታይ እዩ፡ ኢሉ ሓተተ። እቲ ቆልዓ ዝነበረ ሳሙኤል ኵሉ ነገር ነገሮ ኦፍንን ፊንሃስን ኣዝዮም ክፉኣት ስለ ዝነበሩ ኣምላኽ ንምሉእ ስድራ ቤት ኤሊ ኼጥፍኦም ከም ዝኾነ ዝተዛረቦ ኣዝዩ ሕማቅ መልእኽቲ እዩ ነይሩ ።




11

እቲ ኣምላኽ ዝሃቦ መጠንቀቕታ ድማ ተፈጸመ፡ እቶም ክልተ ክፉኣት ደቂ ኤሊ ምስ ፍልስጥኤማውያን ኣብ እተገብረ ውግእ ንታቦት ኣምላኽ ኣብ ቅድሚ ሰራዊት እስራኤል ይመርሕዎ ነበሩ እቲ ጸላኢ ድማ ነቲ ታቦት ማሪኹ ንኦፍንን ፊንሃስን ምስ ብዙሓት እስራኤላውያን ቀተሎም። ኤሊ ድማ ነዚ ምስ ሰምዐ ካብ ኮፍ መበሊኡ ወዲቑ ክሳዱ ተሰቢሩ በታ መዓልቲ እቲኣ ሞተ።




12

ታቦት ኣምላኽ ንፍልስጥኤማውያን ሽግር ኣምጽኣሎም፡ ኣብ ቤተ መቕደስ እቲ ናይ ሓሶት ኣምላኾም ዝኾነ ዳጎን ኣእተውዎ፡ ንግሆ እቲ ጣዖት ዳጎን ብገጹ ተደፊኡ ጸንሐ፡ ፍልስጥኤማውያን ንዳጎን ኣልዓልዎ ንጽብሒቱ ንግሆ ውን እንደገና ወደቐ እሞ ተሰባበረ ።




13

ሕማምን ሞትን ኣብ ፍልስጥኤማውያን ተዘርግሐ። ኣምላኽ ይቐጽዖም እንተ ኣልዩ ንምፍላጥ ፍልስጥኤማውያን ክልተ ኣሓ ነቲ ታቦት ሒዝዋ ዓረብያ ኸም ዚስሕባ ገይርወን ነበረ። ንሳቶም ግና ምራኹት ኣሓ ይሕልዉ ነበሩ። "ኣሓ ናብ እስራኤል እንተ ደየባ እሞ ምራኹተን እንተ ሓዲገን ኣምላኽ ከም ዝገበሮ ኽንፈልጥ ኢና" በሉ። እተን ኣሓ ድማ ደየባ!



14



ሽዑ እቲ ሕጂ ዓብዩ ዘሎ
ሳሙኤል ንኹሎም ህዝቢ
እስራኤል ከምዚ በሎም፥
"ብምሉእ ልብኹም ናብ ጐይታ
እንተ ተመለስኩም ካብ
ፍልስጥኤማውያን ኬድሕነኩም
እዩ ። እቶም ህዝቢ ነቲ እሙን
ነብዩ ኣምላኽ ተኣዘዙ ።
ኢድ ኣምላኽ ድማ ኣብ ኩሉ
ዘመን ሳሙኤል ኣንጻር
ፍልስጥኤማውያን ነበረት።



ሳሙኤል እቲ ንኡስ ኣገልጋሊ ኣምላኽ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

1 ሳሙኤል 1-7

″ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ
ይህብ።″ መዝሙር 119፣130



# መፈጸምታ

17 60



እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ
ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ
ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ
እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ
ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን
ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ
ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት
ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ
ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ
ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ
ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3።16